TRONDHEIM KOMMUNE
Tråanten tjïelte

# ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ድሕነትን ንኣብ ክሊ-ዕድመ 0 -18 ዓመት ዝርከቡ (Helse- og velferdskontor, 0 -18 år)

## ኣገልግሎታት ጥዕናን ምብራይን ንቆልዑን ንኣሽቱን



Foto: Pixabay

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ድሕነትን ን ኣብ ክሊ-ዕድመ **0-18** ዓመት ዝርከቡ ምምሕዳራዊ ቤት-ጽሕፈት ኮሙነ ኮይኑ ንኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ዝምልከቱ ጉዳያት እዩ ዝሕዝ፡ ከምኡ`ውን ንቆልዑን ስድራ-ቤታቶምን ከኣ ከም ኣወሃሃዲ ኣሃዱ የገልግል።

### ብከመይ ኢኻ ክትውከሰና ትኽእል

- ተለፎን: **94 83 72 85**

  ተለፎን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ 09.30 ክሳብ 11.00፡ ከምኡ`ውን ካብ 1200 ክሳብ 1330 ክፉት እዩ።

- ኢመይል: helseogvelferdskontor_0-18ar@trondheim.kommune.no
- **HelsaMi**
- ኣድራሻ ፖስጣ:
  Trondheim kommune
  Helse- og avlastningstjenesten for barn og unge
  Helse og velferdskontor, 0-18 år
  Postboks 2300 Torgarden
  7004 Trondheim
- ኣድራሻ ቤት-ጽሕፈት:
  Reier Søbstads veg 18
  7078 Saupstad

  ብኣካል ክትመጽእ እንተኾይንካ ቆጸራ ክትሕዝ ኣለካ።

### እዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክወሃቡኻ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ

ንመቕርብ ዝወሃብ ደገፉት**(Pårørendestøtte)**

ፍሉይ ክብደት ዘለዎ ጾር ክንክን ዝስከሙ መቕርብ ኮሙነ ንመቕርብ ዝወሃብ ደገፋት ክህቦም ኣሎዎ። ገለ ካብቲ ንመቕርብ ክወሃቦም ዝኽእል ደገፋት ትምህርትን ምኽርታትን፡ ምብራይ ወይ/ድማ ገንዘባዊ ደገፍ ክንክንን(omsorgsstønad) እዩ።

ትምህርትን ምኽርታትን

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ድሕነትን ንኣብ ክሊ-ዕድመ 0-18 ዓመት ዝርከቡ ንመቕርብ ዝድግፉ ኣማኸርቲ ኣሎዎ፡ እዚኦም ከኣ ብዝተወሰነሎም ውሳኔ ትምህርትን ምኽርታትን ዝሀቡ እዮም። እዞም ኣማኸርቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓውድታት እዮም ከማኽሩ ዝኽእሉ፡ ገለ ካብኡ ብሕክምናዊ መለክዒታት ዝፍለጡ ሕማማት(diagnoser)፡ ኣብ ርእሲ ንቡር ዝርርብ ከም ኣማራጽን ተወሳኽን ክትጥቀመሎም ትኽእል ሜላታት ምዝርራብ(ASK)፡ብከመይ ኢኻ ቀይድታት ትገብርን ስምዒታት ምስትኽኻልን ዝኣመሰሉ እዮም።

ምብራይ (Avlastningstiltak)

ኣገልግሎታት ምብራይ ዕላምኦም ወለዲ ተጽዕኖታት ካብ ዓቐን ንላዕሊ ከይኮኖም ምክልኻል፡ ብቐጻሊ ኣድላዪ ዝኾነ ትርፊ ግዜን ዕረፍትታትን ክረኽቡ፡ ከምኡ`ውን ኣብ ንጥፈታት ሕብረተሰብ ክሳተፉ ንክበቕዑ እዩ። ዘብርዮም ኣካል ክወሃቦም ድዩ ኣይክወሃቦምን፡ ብዝሒ ድማ ክሳብ ክንደይ እዩ ክኸውን ዝብልን ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ድሕነትን ንኣብ ክሊ-ዕድመ 0-18 ዓመት ዝርከቡ ኩነታት ናይቶም ዝምልከቶም ሰባት ገምጊሞም እዮም ዝውስኑዎ። ብዝሒ ክፈላለ ይኽእል፡ ንገሊኡ ውሑድ ሰዓታት፡ንገሊኡ ገለ መዓልታት ኣብ ወርሒ፡ ንገሊኡ ድማ ኣብ ዓመት ብዙሕ መዓልታት ክፍቀደሉ ይኽእል እዩ። ኣገልግሎት ምብራይ ብዝተፈላለዩ መገድታት እዩ ክጥርነፍ ዝኽእል፡ ባዕልኻ ብብሕትኻ ዘብርየካ ሰብ ምርካብ፡ ተኣላዪ ኣብ ካልእ መብረዪ ገዛ ክኸይድ ይኽእል ወይ ከም ሓደ ክፋል ተኣላዪ ባዕሉ ዘመሓድሮ ተሓጋጋዚ ዝወሃበሉ ፍታሕ(BPA)። ከም ተወሳኺ ተኣላዪ ቅድሚ ሰዓታት ትምህርቲ/ድሕሪ ሰዓታት ትምህርቲ፡ ከምኡ`ውን ካብ ቤት-ትምህርቲ ዘዕርፈሉ እዋናት ዝከታተሎ ኣካል ክግበረሉ ውን ገምጋም ክግበረሉ ይከኣል እዩ።

ገንዘባዊ ደገፍ ክንክን (Omsorgsstønad)

ፍሉይ ክብደት ዘለዎ ጾር ክንክን ዝስከሙ ሰባትን ብኮሙነ ዝዕመሙ ዕማማት ባዕሎም ዝዓሙዎ ሰባትን ገንዘባዊ ደገፍ ክንክን ክወሃቦም ተኽእሎታት ኣሎ።
ገንዘባዊ ደገፍ ክወሃቦ ዝኽእል ዕዮታት ክንክን ከም ኣብነት ተኣላዪ ውልቃዊ ጽሬቱ ክሕሉ፡ ኣፉውስ ክወስድን ኣብ ሰዓታት ለይቲ ሓገዝ ክወሃቦን ንዝግበረሉ ሓገዛት እዩ።

ገንዘባዊ ደገፍ ክንክን ክወሃበካ ተቕርቦ ምልክታ ቅድሚ ምውሳንና ኣቐዲምካ ካብ ቤት-ጽሕፈት ናቭ ንነዊሕ እዋን ክንክን ዘድልዮም ቆልዑ ወይ ዓበይቲ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ(hjelpestønad)ክወሃበካ ዘመልከትካ ክትከውን ኣለካ ዝብል ቅጥዒ ኣሎ። Hjelpestønad ክወሃበካ ዘእተኻዮ ምልክታ ዋላ ቤት-ጽሕፈት ናቭ እቲ ምልክታ ምሓዝ ኣይወድኡዎ፡ እቲ ንገንዘባዊ ደገፍ ክንክን ክወሃበካ ተእትዎ ምልክታ ክረኣየልካ እዩ።

ኣለይቲ/መቕርብ ብሕማም ምኽንያት ዝወሃብ ጦሮታ፡ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ናብዮት/ሶሻል ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ናቭን ኮሙነን ካልእ ቁጠባዊ ሓገዛት ዝወሃቦም እንተደኣ ኮይኑ ገንዘባዊ ደገፍ ክንክን ክወሃበካ ውሳኔ ክሓልፍ ከሎ እዞም ዝተጠቕሱ ሓገዛት ቅነሳ ክግበረሎም ይኽእል እዩ።

ዝሕግዘካ ሰብን ዝተዋደደ ትርፊ ግዜን**( Støttekontakt og tilrettelagt fritid)**

ስንክልናታት ዘለዎም ቆልዑን ንኣሽቱን ውልቃዊ ምውዳዳት ክግበረሎም ተኽእሎታት ኣሎ፡ ከምኡ`ውን ኣብ ትርፊ ግዜኦም ምስ ካልኦት ሰባት እንዳተሓወሱ ክነጥፉን ትርጉም-ሓዘል ክኾነሎምን። እቲ ዝግበረሎም ምውዳዳት ኣብ ትርፊ ግዜኦም ኣብ ዝተዋደደት ጉጅለ ብምስታፍ ወይ ምስ ሓደ ዝሕግዞም ሰብ ብምስታፍ ክኸውን ይኽእል።

ብመሰረቱ ካብ ናብን ንጥፈታት ብመጓዓዝያ ምምልላስ ሓላፍነት ወለዲ እዩ።

ነቲ ተኣላዪ ዘሰንዮ ሰብ ብነጻ ክኣትወሉ ዝኽእል ካርድ ብመገዲ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ድሕነትን ፋልከንቦርግ ብምምልካት ክወሃበካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ገዛ ዝወሃብ ኣገልግሎት ጥዕናን ግብራዊ ሓገዛትን

መብዛሕትኡ ግዜ ከቢድ ሕማም ወይ ሕዱር ሕማምን ስንክልናን ዘለዎም ቆልዑ እዮም ኣብ ገዝኦም ኣገልግሎት ጥዕና ክወሃቦም ዝፍቀደሎም፡ እዚ ማለት እቲ ዘለዎም ሕማም ብሰራሕተኛታት ጥዕና ብቐጻሊ ምክትታል ዘድልዮ ክኸውን ከሎ።

ሓደ ተኣላዪ ርእሰ-ክንክን ከካይድን ውልቃዊ ጽሬቱ ክሕሉን ግብራዊ ሓገዛት ክግበረሉ ክፍቀደሉ ይኽእል እዩ።

ተጠቃሚ ዘመሓድሮ ውልቃዊ ተሓጋጋዚ(**Brukerstyrt personlig assistanse (BPA)**)

BPA ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ዝጥርነፈሉ ሓደ ኣገባብ እዩ።
ኣገልግሎታት ዝሕግዝካ ሰብ፡ግብራዊ ሓገዛትን ምብራይን እዮም ከም BPA ክጥርነፉ ዝኽእሉ።

እቶም ኣገልግሎታት ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ዘድልዩኻ እንተደኣ ኮይኖም እዮም ከም BPA ክጥርነፉልካ መሰል ዝወሃበካ። ብዝሒ ብውሑዱ 32 ሰዓታት ንሰሙን ክኸውን ኣሎዎ፡እንተኾነ ግን ገምጋም ተጌሩሉ ናብ 25 ሰዓታት ገጹ ክቕነስ ይኽእል እዩ። እቲ ዝፍቀደልካ ብዝሒ ሰዓታት ኮሙን እዩ ዝውስኖ።

ኣገልግሎት ዝህቡ ኣካላት ካብ ሓደ ንላዕሊ እንተደኣ ኮይኖም ወይ እቶም ኣገልግሎታት ብለይቲ ዝወሃቡኻ እንተደኣ ኮይኖም መሰል BPA ኣይምልከተካን እዩ።ኮይኑ ኩብቅዕ እቲ ሓገዝ ብቐጻሊ ዘድልየካ እንተደኣ ኮይኑ እቲ መሰል ይወሃበካ እዩ።

ቆልዑ እንተደኣ ኮይኖም ወለዲ እዮም ንሓገዛት BPA ከም ኣካየድቲ ስራሕ ዝመርሑዎ።

መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቆልዓ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ/SFO ክህሉ ከሎ BPA ኣይወሃቦን እዩ።

ኣወሃሃዲ

ብመሰረት ሕጊ ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ኮሙን ንነዊሕ ግዜ ዝቕጽሉ ዝተዋሃሃዱ ኣገልግሎታት ዘድልዮም ቆልዑ ኣወሃሃዲ ክቖጽረሎም ኣሎዎ።
እቲ ኣወሃሃዲ እቲ ቆልዓ ዘድልዮ ምክትታላት ከምዝረኽብ ዝገብር እዩ፡ ከምኡ`ውን እቶም ዝወሃቡዎ ኣገልግሎታት ከምዝወሃሃዱን እቲ ዕዮ ከኣ ብመሰረት እቲ ተኣላዪ ዝተሓንጸጸሉ ውልቃዊ መደብ ይግስግስ ከምዘሎ ዘውሕስ እዩ።

ኣዋሃሃዲ ጉዳይ ቆልዓ

ከቢድ ሕማም፡ማህሰይቲ ወይ ስንክልና ዘለዎም ዕሸላት ክወልዱ ዝጽበያ ዘለዋ ስድራ-ቤታት ወይ ዘለወን ስድራ-ቤታት፡ ከምኡ`ውን ንነዊሕ ግዜ ዝተወሳሰቡ ወይ ዝተዋሃሃዱ ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ካልኦት ድሕነታዊ ኣገልግሎታትን ዘድልዮም፡ ኮሙን ኣወሃሃዲ ጉዳይ ቆልዓ ክቖጽረሎም ይኽእል እዩ።

ውልቃዊ መደብ **(Individuell plan)**

ንነዊሕ እዋን ዝቕጽሉ ዝተዋሃሃዱ ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን ዘድልዮም ቆልዑ ውልቃዊ መደብ ክሕንጸጸሎም መሰሎም እዩ። እዚ ውልቃዊ መደብ ሓባራዊ ምውህሃድን ምትሕብባርን ንክህሉ ከም ናውቲ ዘገልግል መደብ እዩ።

## ምልክታን መስርሕ ኣተሓሕዛ ጉዳይን **(Søknad og saksbehandlingsprosess)**

- ምልክታታት ብ HelsaMi ወይ ኣብ ወብሳይትና ዝርኩብ ፎርም ምልክታን ካልእ ኣገባባትን ክትሰደልና ትኽእል ኢኻ። ትደሊ እንተደኣ ኮይንካ እቲ ምልክታ ብኢድካ ውን ክትጽሕፎ ትኽእል ኢኻ።
- እታ ስድራ-ቤት ባዕላ ኣገልግሎታት ክወሃባ ከተመልክት እዩ ተመራጺ። ዝሕግዙ ኣካላት ከተመልክት እንተደኣ ተሓባቢሮምኻ ወለዲ ክሕበሩን ነቲ ምልክታ ፍቓዶም ክህብሉን ኣገዳሲ እዩ።
- ኣመልካቲ/ወለዲ መዓስ ከምንውከሶም ዝገልጽን ጉዳይ ተራእዩ ንክውሰን ዝወስዶ ግዜ ክንደይ እዩ ኢልና ከምንጽበን ዝገልጽ ግዝያዊ መልሲ ክመጾም እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ወብሳይትና ተመልከት:

**https://trondheim.kommune.no/tema/helse-og-omsorg/barn-og-familie/helse--og-velferdskontor-0-18-ar/**

**እዚ ጽሑፋዊ ሓበሬታ በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ውን ኣሎ:** እንግሊዘኛን፡ዓረበኛን ትግርኛን

*መወዳእታ ዝተሓደሰሉ ሚያዝያ* 2025